ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ التحاد الارتري للتغيير الديمقراطي

**Eritrean Unity for Democratic Change**

# ሓጺር ጸብጻብ ውዕሎ 4ይ መዓልቲ

## ውዕሎ ራብዓይ መዓልቲ የካቲት 4, 2015

### ሕቶ ብሄራትናን መፍትሒኡን

ረቡዕ የካቲት 4, 2015 ራብዓይ መዓልቲ ሰሚናር ኤስደለ ናይዚ መዓልት'ዚ "ሕቶ ብሄራትን መፍትሒኡን" መጽናዕቲ ዘቕረበ ምሁር ሓው ኣቶ ልዑል ጋይም ኢዩ። ኣቶ ልዑል ናይ ሓደ ብሔር ሓባራዊ ቋንቋን፣ ፍሉይ ዶብን፣ ቁጠባዊ ሰረትን፣ ባህልን፣ ሓባራዊ ስነ-ኣእምሮን ጠቒሱ ኣብ ኤርትራ ዘለዋ ብሄራት ናይ ርእሰውሳኔ መሰል ክኽበረለን ኣለዎ፣ ገለ ብሄራትና እውን ብሰርዓት ህግደፍ ብዝተወሰደ መንግስታዊ ፖሊሲ ክሳብ ናብ ምጽናት ገጸን ዝኸዳ ከም ዘለዋ ኣብሪሁ ገሊጹ።

ኣብ ቀጻሊ መግለጽታት ናይቲ ኣስተምህሮ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ግዝያትን ኣጋጣሚታትን ኢሰያስ ኣብ ዝህቦ መደረ፣ ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ውድባት ክህልዋ ከምዘይክእላ፣ ዝተፈላለየ ቋንቋታት እምበር ብሄራት የብልናን፣ ድሕሪ ረፈረንደም'ውን "ናይ ፖለቲካዊ ፍልልያት ምትእንጋድ ኵናት ምእዋጅዩ" "ሳዋ ኩሉ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ሓደቁራዕ ዝመከላ ቦታ'ያ" እናበለ ብሄራዊ ብዙሕነትን፡ ፖለቲካዊ መሰላትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝገሃስ ዝገበረ ስርዓት'ዩ ክብል ናይ ህግደፍ ኣጽናትን፣ ወሳንን፣ ጸቓጥን፣ ገባትን ፖሊሲታት ብርዝር ኣብሪሁ።

ስርዓት ህግደፍ ንቡር ጂኦግራፍያዊ ክልታት ናይ ብሄራትን ባህልታትን ንምድምሳስ ዝተኸተሎ ኣገባብ፣ ኤርትራዊ ሃገራውነን፣ ብዝሐ ብሔራዊ መንነት ህዝባን ንምድሳስ ንከተማ ኣስመራ ማእከል ዝገበረ ባዕላዊ ዞባታት ሃንዲሱ ኣስማትን፣ ኩርዓትን፣ ጸጋታትን ባህልታትን ኤርትራ ተደማሲሱ ንሱን ጉጅልኡን ዝግለጹላን፣ ዝርብሑላን፣ ዝግለጹላን፣ ዝዕንድሩላን፣ ዝዘውርዋን፣ ዘደቅስዋን፣ ዘተስእዋን፣ ኤርትራ-ካልእ ግን ኩሉ ካብ ንእሽቶ ክሳብ ኣረጋውያን ናይቶም ቁንጣሮ መለኽቲ መልሽያን፣ ጊላታትን፣ መተልሃይትን፣ መጻወትን፣ ኮይኖም ከም ዘገልግሉ ዝገብር ስርዓት ሃኒጹ ህዝቢ ብዘይ ቅዋም ዝገዝእ ዘሎ ቶታሊታርያዊ ስርዓት እዩ ክብል ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ፖለቲካውን ሲቪካውን ማሕበራት፣ መንእሰያትን ካልኦት ነጻ ኤርትራውያንን ተሳተፍቲ፣ ኣብ ሕቶ ብሄራትን ኣፈታትሕኡን ዘለዎም ርእይቶታት ብሰፊሕ ገሊጾም። ኣብዚ ክትዓት'ዚ ዘንጸባረቑ ዝተፈላዩ ርእይቶታት፣ ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ኣብቲ ዝመጽእ ሰሙን ክገብሮ መዲብዎ ዘሎ 2ይ ውድባዊ ጉባኤኡ፣ ኣብ ብሄራትን መሰላቶምን ከቐምጦ ዝኽእል መርገጽ ሓጋዚ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምርዳእ ኤስደለ ንኣቶ ልዑልን ተሳተፍትን ክቡር ምስጋንኡ ኣቕሪቡ። ኣብ ርእሲ'ኡ እውን ተጋባእቲ በዚ ተረኽቦ'ዚ ንዝተመዘገበ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም ሓባራዊ ናይ መቓለሲ ርእይቶ ኣማዕቢሎም ብሓደ ዝቃለስሉ መድረኽ ክፈጥሩ ከም ዝግባእ ኤስደለ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ናይ ዜናን ሓበሬታን ቤት ጽሕፈት

ኤስደለ

**የካቲት 4, 2015**